Transhorn Money Transfer ERTRA.COM/TMT
ሓመሓላለፍቲ ገንዘብ 1-800-930 5211

# ኤርትራ ሰማእታት ስንኩላት ሾናት ፡

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ሃገር ክበሃል መበቆልን መንነትን ናይ ደቂ ሰባት ጥራይ ዘይኮነ ናይ ዝኾነ ፍጡር ኣብዛ እንነብረላ ዓለም እዩ። ዝኾነ ፍጡር ኣብታ ከም ሳዕሪ ዝበቖለላ መሬት ንሳ ብእተፍርዮ እናተመገበ ይዓቢ፡ ውላድ ይወልድ ንውላዱ ከኣ ኣብኣ ኣብዩ ንሱ ከም ባህሪ ይሓልፍ። እዞም ካብ ዝደቓቑ ክሳብ ዝዓበዩ ፍጡራት ወዮ ደኣ ዘይነቕልበሎም ኮይንና እምበር ነዛ መቦቀል ዓዶም ብዝተፈላለየ ሜላታት ዶብ ይገብሩላ እሞ ዘይምልከቶ ናብኣ ገጹ ምስ ዝኣቱ ይከላኸልዎ ክሳብ ህይወቶም ከኣ የህልፉላ። እዚ ኣብቶም ናይ ሰማይ ኣዕዋፍን ናይ ዱር ኣራዊትን ምስ እንዕዘብ ክሳብ ኣብ ደሞም ሰሪጹ ምስኦም ይውለድ።ስለዚ ሃገር ማለት ንሓደ ሰብ ወይ ዝኾነ ፍጡር ምስ ምህላዉን ዘይምህላዉን ዝተተሓሓዘ እዩ። ንሕና ደቂ ሰባት ውን ቅድሚ እዘን ናይ ሎሚ ፍሉይ ዶብ ዘለወን ሃገራት ምቛመን በብቀቢላኦን ከባቢኡን ነናይ ዓዱ ወይ ቀቢልኡ መፍለዩ ዶብ ነይርዎ እዩ። ነዛ ዶቡ ከኣ እንተ ክሓልፍ ወይ ሰጊርዋ ናብ ቀጻሊ ዓዲ ክኸይድ እንከሎ እምኒ እናኣንጠበላ የይኸድ። ገለ ዘይምርድዳእ ምስ ዝርአ ብሽማግለ ንምፍትሑ ይጽዕሩ ምኽን ኣብዩ ኣብ ረጽሚ እንተበጺሖም ከኣ ክሳብ ናይ መጨረሽታ ንጣብ ደሞም ኣብ ከቢድ ረጽሚ ይኣትዉ። እዘን ናይ ሎሚ ሃገራት ነዚ ኩሉ ሕልኽላኻት ዝመልአ መስርሕ ሓሊፈን እየን ኣብዚ በጺሐን።ስለዚ ክብሪ ሃገር ማዕረ እቲ ክብሪ ደቂ ሰባት እዩ። ቀዳሞት ኣቦታትና ባሕሪ ሰጊሮም ዝመጹ ወረርቲ ወይ ውን ካብ ጎረቤት ዝመጹ ዓመጽቲ ክመጽእዎም እንከለዉ ሰብኡት ሴፎምን ጎራዴኦምን ዋልታኦምን ሒዞም ክተት ክብሉ እንከለዉ ኣዴታት ከኣ ገሌኣን እኽለማይ ሒዘን ገሊኣን ከኣ መድፈን ዓይኒ ጸላኢ በርበረ ሒዘን እግሪ እግሮም ይኸዳ። በዚ ከምዚ ጥሙር መከተ ከኣ ኣብ ልዕሊ ጸላእቶም ዓወት ተጎናጺፎም ይምለሱ። ነቶም ብጅግንነት ዝወደቑ ኣዋድቓ ጅግንነቶምን መንፍዓቶምን ብዜማ እናገበሩ ናብ ውሉድ ወለዶ የመሓላልፍዎ።እቲ ስምረት ጥምረት ሓድነት መኸተ ንዓና ንኤርትራውያን ካብ ቀዳሞት ኣቦታትናን ኣቦሓጎታትናን እናተወራረሰ ዝመጸ እዩ። ዓመት ተወዲኡ ናብ ሓድሽ ዓመት ክሰጋገሩ እንከለዉ „ ሰስኑ ሰስኑ ሽሕ ንዋልታ ኹሉ ኣንታ እዛ ዓድና ከይኣትዋ ጓና ! ይብሉ እዚ ኣብ ዓዶም ዘለዎም ፍቕሪ ማዕረ ክንደይ ልዑል ምኻኑን ንዓዶም ሴፎምን ዋልትኦምን ዓቲሮም ንምክልኻል ማዕረ ክንደይ ድሉዋት ምኻኖምን እዩ ዝሕብረና። ንሕና እዞም ናይ ሎሚ ወለዶ ናጽነት ሃገር ኣብ ምምጻእን ናጽነት ሃገር ኣብ ምዕቃብን እቲ ዝመረረን ክትገልጾ ቃላት ዘይትረኽበሉ ሕሰምን መከራን ዝመልአ ቃልሲ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ተፈጺሙ ፡ እቲ ዝረዘነ መስዋእቲ ተኸፊሉ ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣካላት ሰንኪሉ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ኣሽሓት ጉልበትን ገንዘብን ዝፈሰሶ ንብረት ዝዓነወሉ ኣማእት ኣሽሓት ዜጋታት ቤት ንብረቶም ዓንዩ ንባዕዲ ሃገር ሕሰምን መከራን ዝመልአ ናብራ ንኽሕልፉ ዝተገደድሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ዓይንና እዩ ተፈጺሙ። ስለዚ ንሕና ታሪኽ ኣንበብቲ ዘይኮንናስ ኣብቲ ጓይላ እንተ ሳዕሳዕቲ ማለት ተለሃይቲ እንተ ተዓዘብቲ ኤርና ኢና። ተዓዘብቲ ክብል እንከለኹ ነታ ቃልሲ መዓኮርና ሂብና ከም ዘይብጽሓና ዝረኣና ማለተይ ኣይኮነን።

ንዓና ንኤርትራውያን እምበኣር እዘን ኤርትራ ሰማእታት ስንኩላን ሾናት ዝብላ ሰለስተ ሓረጋት መግለጽ መንነትና እየን፡ ካብዚኤን ሓንቲ እንተ ጎዲላ ምሉኣት ኣይኮንናን።ነፍሲ ወከፍና ኣነ ኤርትራዊ እየ ክንብል እንተ ኮይንና ኤርትራ ህያብ ናይቶም ዓስረተታት

Transhorn Money Transfer ERTRA.COM/TMT
ኣመሓላለፍቲ ገንዘብ 1-800-930 5211

ኣሽሓት ስዉኣትን ዓሰርተታት ኣሽሓት ስንኩላንን ብህይወት ዘለዉ ሓርበኛታትን ህያብ ምኳና ተረዲእና ንኤርትራን ኤርትራውነት ብመንጽር እዞም ሰማእታት ክንርእዮ ከም ዘሎናን ናብዛ ሃገር እዚኣ ኢዱ ዘወጣውጥ ናይ ውሽጢ ይኹን ናይ ደገ ሓይሊ ከምቶም ህይወት ከፊሎም ዘረከቡና ሰማእታትን ኣካሎም ከፊሎም ዘረከቡና ስንኩላንን ንሕና ከኣ ብዘይ ሰጋእ መጋእ ስጋብ እታ ናይ መጨረሻ ንጣብ ደምና ክንከላኸልን ክንምክትን ኮታ ንዝመጸ ወራሪ ሓይሊ ረመጽ ነስኒስና ፡ ከም ሓያል እሳተ ጎሞራ ሓዊ ተፊእና ክንልቑምጾም ከም ሓያል ናይ ውቅያኖሳት ማዕበል ደምሲስና ትሕቲ መሬት ከነስፍሮም ወትሩ ድሉዋት ክንከውን ኣሎና፡ እቲምንታይሲ እቶም ህይወቶም ከፊሎም ሃገር ዘረከቡና ሰማእታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ትርብዒት ሜተር መሬት ኤርትራ እዮም ኣዕሪፎም ዘለዉ።ኣብ ልዕሊ እቲ ክቡር ኣስከሬኖም እግሪ ጸላእቲ ረገጸ ማለት ኣበደን ክንብል ኣሎና። እዚ እዩ እቲ ሓቀኛ ትርጉም ዘለዎ ኤርትራውነት። እወ ንሕና እዞም ህሉዋት ንሕና እዞም ብኤርትራውነትና ኣብ መላእ ዓለም ኣፍ ልብና ነፊሕና ንነብር ዘሎና እስኪ ኣብቲ ናይ ሰላሳ ዓመታት ብምረቱ መዳርግቲ ኣልቦ ዝኾነ ናይ ቃልሲ ዓመታት ብናይ ሕልና ጉዕዞ ንነፍሲ ወከፍ ሰዓትን መዓልትን ሰሙናት ኣዋርሕ ዓመታት ንመላእ ኤርትራ ንነፍሲ ወከፍ ትርብዒት ሜተር ንኹለላ እሞ ንነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ጀጋኑ ይወድቁላን ይስንክሉላን ኔሮም።ጅግና ከይተሰዋኣላን ከይሰንከለላን ዝሓለፈት መዓልቲ ዘላ'ዶ ይመስለና ይኸውን ! የላን። ናይ ዥናት ስንኩላን ኤርትራ ኣበይ ኣለዉ፡ እዞም ሓበን ሃገር ሓበን ህዝቢ መርእያ ጽንዓትን ጅግንነትን ተወፋይነትን ዝኾኑ ጀጋኑ እቲ ካላኣይ ገጽ ናይ ኤርትራን ኤርትራውነትን እዮም። ኣነ ንስኻ ንስኺ ንስኻትኩም ኮታ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይዛ ቅድስቲ ኤርትራዊ እየ ኢልና ኣፍልብና ገቲርና ክንከይድ እንተ ደኣ ኮይንና ምስሊ ኤርትራን ኤርትራውነትን ዝኾኑ ጀጋኑ ስንኩላን ዥናት ኣብ ኣእምሮናን ኣብቲ ብሌን ዓይንናን ህዋሳትናን ጎሊሖም ክራኣዩና ኣለዎም። ነፍሲ ወከፍና ከኣ ሕድሪ ሰማእታት እንታይ እንታይ እዩ፡ ካብዚ እንታይ ጌረ እንታይ ተሪፉኒ፡ ነዞም ሃገር ኣብ ምምጻእን ሃገር ኣብ ምውሓስን ቅያ ሰሪሖም ኣብ ልዕሊ ወረርቲ ሴፎምን ዋልታኦም ገቲሮም ኣምዑት ጸላኢ እናዘጋገሉ ዝሰንከሉ ጀጋኑና እንታይ ጌረሎም ፡ እነሆ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመታት ሓሊፉ ኣብቲ ዝቕመጥሉ ከባቢ ከይደ ኣመቶም ጌረ'ዶ ፡ ብርግጽ ኣይገበርኩን ቍሊሕ ኣይበልኩዎምን ፡ እንታይ ደኣ ኮይነ፡ እቲ ነገር ብኸመይ ድየ ተረዲኤዮ! እዞም ሰባት እዚኣቶም ስለ እዛ ሃገር ስለ እዚ ህዝቢ ስለይ ስለ ኩልና ደይኮኑን ሰንኪሎም ፡ ጨው ክሸቅጡ ዝሰንከሉ ድዩ መሲሉኒ/መሲሉና! ኣብዚ ነዚ ኩሉ ዕሽሽ ብምባለይን ኣመቶም ዘይምግባረይን መን እዩ ክኸሰኒ ኣበየናይ ዳኛ እየ ክዳነ ! ይግባይ ክብል እኽእል'ዶ ! ብርግጽ ንዓይ ንዓኻ/ኺ ኮታ ንኹልና ነዚ ዝረሳዕና ከሳሲን ፈራድን ኣሎና፡ ንሱ ከኣ ሕልናና እዩ። እቲ ዝበርትዐ ክሲ ፍርዲ ዘይብሉ ናይ ገዛእ ሕልናኻ ክሲ እዩ። ናይ ዥናት ስንኩላን ጉዳይ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሓላፍነት እዩ። ነዚኦም ኣብ ዓለም ክሳብ ዘለዉ ከም ብሌን ዓይንና ርኢና እንተ ዘይሓብሒብናዮምን ኣሊናዮምን ኤርትራውያን ኢና ምባል ከንቱ እዩ። እዞም ሰለስት ነጻጺልካ ዘይረኣዩ መግለጺ ኤርትራውነት እዮም። ዝኾነ ኤርትራዊ እዚኦም ከይትንከፍዎ ህላውነቱ ካብ ዓለም ከይሕከኽ ባዕዳዊ ወራርስ ይትረፍ ባዕዳዊ ሃመማ ውን ይኹን ኣብ ልዕሊ እዛ ቅድስቲ መሬት ምስ ዝዝንቢ ከም ጭርኡ ዝሓዝካዮ ነብሪ ብዘይ ጻውዒት ብዘይ ነጋሪት ካልኢት ኣብ ዘይትመልእ ግዜ ናብ መጋርያ ሃዊ ተቐይሩ መሬት ከም ዘጥፍእ ርጉጽ እዩ፡ እቲምንታይሲ ኣብ ኣእምሮ ናይ ነፍሲ ወከፍና እዞም ኩሎም ሃገር ኣብ ምምጻእን ሃገር ኣብ ምውሓስን ዝሓለፉ ሰማእታት ኣብ ኣእምሮኡ ስለ ዘለዉ እሞ በዚኦም ዝመጸ ከኣ ስለ ዘይፈቱ። ኤርትራ መዓስ ከም ካልኦት ሃገራት ዓለም ብሓመድ እምንን ጥራይ ዝተሰርሐት ኮይና፡ ኤርትራ እኮ ሓመዳ ብስጋ ሰማእታት ደቃ ዝተሰርሐ እምና ከኣ ኣዕጽምቲ ሰማእታት ደቃ እዩ፡ ትሕቲ መሬት ዘሎ ማያ ውን ደም ሰማእታት ደቃ እዩ። ስለዚ እዛ ሃገር እዚኣ ልዕሊ ዝኾነት ሃገር ልዕሊ ዝኾነ ፍጡር እያ። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ልዕሊ ኤርትራ ዝሰርዖ ነገር የሎን።

Transhorn Money Transfer ERTRA.COM/TMT
ኣመሓላለፍቲ ገንዘብ 1-800-930 5211

ሎሚ ካብ ሕሉፍ ጌግኦም ዘይመሃሩ ናይ ቤተ ክርስትያን ኣናጹ ከደምቲ ከዳሚ ስርዓት ወያነ ኣብ ትሽትሽ ኣሜሪካን ሰዓብታን ተሸጒጡ ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ክንመልሳ ኢና ንዓሰብ ክንወስዳ ኢና ግደፉና ኣይትሓዙና እንተበሉ ንዓና ንኤርትራውያን መዓስ ድምብርጽ ይብለና፡ ንሕና እኮ ንሕና ኢና ፡ ኣይኮነን'ዶ ኣብ ትሽትሽ ሓያላን ኢና በሃልቲ ኮይኖም ዝፍክሩስ ኣድላዪ እንተኾይኑ ነቶም ሰብ ትሽትሽ ውን ምስኦም ሓዊስና ከነንድዶም ከም እንኽእል ኣይፈልጡን ደኾን ኮይኖም! ብተፈጥሮና ብረሃጽና ንነብር መሰል ደቂ ሰባት ዘይንግህስ ምስ ኩሉ ተሳኒና እንነብር ልዕሊ ኩሉ ከኣ ሰላማውያን ህዝቢ ኢና። ዝኾነ መንግስቲ ዝኾነት ሃገር ሃገርናን ልኡላውነት ሃገርናን ምስ እትትንክፍ ግን ዓለም ቀሰነት ማለት ዘበት ! ንዓለም ሰላም ሃብና ንብላ፡ እንተኣበየት ናይ ህዝብናን ሃገርናን ሰላም ከነውሕስ መሰል ስለ ዘሎና ክንጥቀመሉ ከም እንኽእል ክፈልጡ ይግባእ።ነገርና ትደልየና ዘላ ኣሜሪካ ምኻና ሎሚ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ እዩ። እቶን ኣሜሪካ ጸግዒ ኣላትና መን ከይክእለና ኢለን ግደፉና ኣይትሓዙና ዝብላ ዘለዋ ጭፍራ ወያነ ከኣ ናይ መወዳእታ ጸሓየን እትዓርበሉን ካብ ምድረ ገጽ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝጠፍኣሉን ዕለት ምኻና ክፈልጣ ይግባእ። ቀደም ውን ኢልናየን ኢና ፡ ወያነ ዘይትፈልጥኦ ፈሊጥክን ጽጋብ ሰርጊቑክን ፈጣዕ ፈጣዕ እንተልክን ዕድሜኽን ዕድመ ጣንጡ ከም እትኾውን ፍለጣ ! በላ ሕጂ ከኣ ወስ በላ እሞ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሓንሒኑ እዩ ዘሎ ፡ ታህኑ ከም ዘውጽኣልክን ፍለጣ።ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ብኣኽን ኣንትን ጠላማት ዝበላዕክናሉ ጻሕሊ እትሰብራ ከም ትማል ውጹዓት እየን ስለ ዘይፈልጣ እየን ተባሂልክን ትመሓራ ከይመስለክን ! እናረኣኽን እናሰማዕክን ኣብ መጋርያ ሓዊ ክትጥበሳ ኢኽን። እናረኣኽን እናሰማዕክን ኣካላትክን ቆቆሪጽና ነኽላባትን ኣራዊት መሮርን ክም እንህበክን ቅድሚ ምብጋስክን ፍለጣ ኢኽን። ንኣማእት ዓመታት ዘብልዓክንን ዘዕበየክንን ከም ሰብ ክትፍለጣ ኣብ ሳሕል ደጀኑ ሓቝፉ ኣብሊዑ ኣስትዩ ምሂሩ ዘዕበየክን ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ከኣ ህ.ግ. እሞ ክሳብ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምእታው ንሰርዓት ደርጊ ደምሲሱ ክትኣትውኦስ ይትረፍ ኣብቲ ከባቢኡ ውን ረጊጽክን ዘይትፈልጣ ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ውን እንትርፎ ረፋዕ ኣብ እንዳ ጠሓኒት ካልእ ትፍለጣሉ ፍልጠት ዘይነበረክን ኣብ ዙፋን ነገስታት ኢትዮጵያ ኮፍ ንዘበለክን ህ.ግ. ተገልቢጥክን ትኒዕ ምባልክን ንኣዳም ገረሞ እዩ ዘብል። በላ ጭፍራ ናብቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣራት ኪሎ ዝርከብ ቤተ መንግስቲ ኮፍ ዘበልናክን ንሕና እንዲና  ጽጋብ ምጻር ካብ ሰኣንክን ካብታ ዙፋን ሓግሒግና ነውርደክን ንሕና ኢና። እዚ ጃህራ ወይ ፈኸራ ከይመስለክን ስጋቦይ ኢለ ናይ ብሓቂ ናይ ልበይ እዩ። እዚኣ እንተዘይ ጌርና ንሕና ህ.ግ. ኣይኮናን ንሕና ህዝቢ ኤርትራ ኣይኮናን ስሬና ንቑልቁል ትተዓጠቕ ! ኣይኮነን'ዶ ባዕልና ዝሰቐልናዮስ ካልኦት ዝሰቐልዎ ውን ይኹን ንምውራድ ኣየጸግመናን እዩ። ሴፍና ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ግዜ ተሳሒላን በሊሓን ተወልዊላን እያ ኣምዑትክን ዘላዚላ ብደምክን ክትሕጸብ ትጽበ ዘላ።

ኣብ መላእ ዓለም ዘሎኻ ኤርትራዊ ድሎ ከይትዕሎ! ሎሚ ከዳሚ ስርዓት ወያነ ካብ ምድረ ገጽ ንምጥፋኡ ክተት መክት ሴፍካ ሰሓል ደቂ ማይ ጠላሚት በትሪ እያ ፈውሶም ደቂ ማይ ጠላሚት ከም ኣቦሓጎኦም ሃጸይ ዮሃንስ ጠልቀፍቀፍ ኢሉ ጽጋብ ሰንጢቕዎ መተማ ከይዱ ምስ ማህዳውያን ኹናት ዝኸፈተ እሞ ኣብኡ ተሳዒሩ ማህዳውያን ነታ ርእሱ ቆሪጾም ኣብ ሱዳን ካርቱም ዑምዱርማን ኣብ ሙዝዬም ተቐሚጣ ዘላ ፡ ሎሚ ከኣ ንሕና ናይ ጽጋብ ዝሰንጠቐን ወጣቱ ትግራይ ኣራእስ ንምቑራጽ ተላዒልና ኣሎና ! ንተጋሩ ንደቂ ማይ ጠላሚት ምሕረት ኣየድልን እዩ! ሎሚ ከዳሚ ስርዓት ማለሊት ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ዘይከተተ ብደዉ ከም ዝሞተ!

ንዓና ንኤርትራውያን ኤርትራን ሰማእታታን ስንኩላን ኹናትን ልዕሊ ውላድ ልዕሊ ናብራ ልዕሊ ህይወት ኮታ ኣብ ዓለም ድሕሪኦም እምበር ቅድሚኦም ንሰርዖ ነገር የሎን።ናይዞም

Transhorn Money Transfer ERTRA.COM/TMT
ኣመሓላለፍቲ ገንዘብ 1-800-930 5211

ሰለስተ ውህደት ህዝቢ ኤርትራ ወሊዱ ። ነዚኦም ንምምዕባሎም ካብ ዝኾነ ተጻባኢ ንምሕላዎም ንበቆን ንጽባሕ ንብሎን ነገር የብልናን።ኣጆኺ ኤርትራዊ ገለ ሰጋእ መጋእ ወይ ብዝሒ ጸላእትን ብዝሕን ሓይልን ዓንገልቶምን ርኢኺ ከይትጠራጠር ስክፍታታት እንተ ኣልዩካ ከኣ ኪድ ንሓደ ሰዓት መዓስከር ደንደን ወይ ማይ ሓባር  ጽንዓትን ጅግንነትን ሰኒቕካ ክትመጽእ። ኣጆኹም ኣጆና ከምቲ ወለድና ዝብልዎ „ ንጸላኢኻ ዝወስድ ውሕጅ ጥፍጣፍ ወሰኽሉ „ ። ሎሚ ካብ ምድረ ገጽ ነጥፍኦም ወያነ ጥራይ ኣይኮኑን ነቶም ውዱእ ሽሓኒ ከልምፁ ኣብ ጥላም ሳእኒ ወያነ ዝተምበርከኹ ወይጦታት ውን ምስ ወያነ ሓዊስካ ምጥፍኦም ከድልየና እዩ። ሎሚ ኤርትራና ንወይጦታት ውን እትገብሮ ዓቕሊ ኣይክህሉን እዩ። ኣብ ሓመድ ድበ ወያነ እምኒ ከይደርቤኻ ከይሓልፈካ ሃየ ተቐዳደም።

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!!!
ክብርን ሞገስን ንሓይልታት ምክልኻልና!!!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!!!